

# ኣብ ኮምነኻ ዝግበር ውሳኔ ተጸንበር

KOMMUNAL- OG REGIONSRÅDSVALGET

16. NOVEMBER 2021

Integrationsrådet
Hjørring Kommune

# ስለምንታይ ተድምጽ?

ኣብ ዲሞክራሲ፣ እቶም ተቐማጦ ከድምጹ ወሳኒ'ዩ። ኣብ ዴንማርክ ድማ፣ እቲ ናይ ምድማጽ ሚእታዊት ኣዝዩ ላዕሊ'ዩ።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፣ እቶም ሓደስቲ ተቐማጦ ናይ ሕብረተሰብ፣ ኣብ ከም ናይ ኮሙናዊ ምርጫ ክሳተፉ መሰል ረኺቦም እዮም። ኣብቲ ዝግበር ምርጫ ክሳተፉ ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ድማ ካብቲ ምራጫዊ ውጽኢት ዝመጽእ መዓልታዊ ሂወት፣ ነቶም ሰባት ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ስለዝጸሉ'ዩ። ልክዕ ከምቶም ካልኦት፣ ኣንፈት ናይቲ ጉዕዞ ምምራሕ ከኣ ማዕረ መሰል (ከምኡ'ውን ግዴታ) ኣለዎም።

ስለዝኾነ ድማ፣ ኣብቲ ስልጣን ህዝቢ ንምጥንካር ዝግበር ምርጫ እጃምካ ክተበርክት ንትስፎ። እዚ ድማ ንስኻን፣ እቶም ካልኦትን ብሓባር ኣብቲ ዝግበር ምርጫ ብምስታፍ ክግበር ይከኣል።

ልዕሊ 18 ዓመትን ኣብ ዴንማርክ ቅድሚ ዕለት ምርጫ ብቀዋሚ ንኣርባዕተ ዝተቀመጥካ ምስ ትኸውንን፣ ኣብቲ ዝግበር ኮሙናውን ዞባውን ምርጫ ክተድምጽ ትኽእል።

# ብኸመይ ተድምጽ?

ምርጫ ሰሉስ ዕለት 16 ሕዳር 2021 ክካየድ'ዩ። ኣብ ነፍስወከፍ ኮሙን፣ ዝተፈላለዩ ናይ ምርጫ ቦታታት ኣለዉ፣ እቲ ቦታታት ድማ ካብ ሰዓት 08.00 ክሳብ 20.00 ክፉት'ዩ።

ንስኻ ድማ ሓደ ካብቶም ናይ ምድማጽ መሰል ዘለዎም እንተደኣ ኮንካ፣ ቅድሚ ቅሩብ ምርጫ ዝካየደሉ ሰሙናት፣ ናይ መድመጺ ወረቐት ይስደደልካ። ኣብኡ ድማ፣ ኣበይ ከምተድምጽ ተጻሒፉ ይርከብ። እቲ መድመጺ ወረቐት፣ ናብቲ ምርጫ ዝካየደሉ ቦታ ክትማልኣ ኣለካ።

ናብቲ ናይ ምርጫ ቦታ እታ ወረቐት ረሲዕካያ ምስ ትመጽእ ወይ ምስ ትጠፍኣካ'ውን፣ ክተድምጽ ይከኣል'ዩ። ማንጃ ፍቃድ፣ ፓስፖርት ወይ ብጫ ካርዲ ክትማላእ ግን ኣለካ። ሓንቲ ግዜ ጥራይ ከም ተድምጽ ከኣ ኣይትረስዕ።

ኣብ ናይ ምርጫ ቦታ፣ ናይ መድመጺ ወረቐት ይወሃበካ። ኣብታ ወረቐት ድማ ንፓርቲ ወይ ንውልቀ-ሰብ ሓንቲ ሕንጻጽ ትገብር። ኣብ ውልቀ-ሰብ እንተጌርካ፣ ድምጽኻ ነታ ፓርቲ'ውን ከምዘድመጽካ'ዩ ዝቁጸር። ንውልቀ-ሰብ ኣብ ተድምጸሉ፣ኣየነይቲ ፓርቲ ኣብ ልዕሊ ዮሪን ኮምን ትውስን ጥራይ ዘይኮንካ፣ ወላ'ውን እተን ፓርትታት ብመኖም ዉልቀ-ሰብ ክውከላ ከምዘለወን ኢኻ ትመርጽ ዘለኻ።

# እንታይ ኢና ነድምጽ?

ኣመሓደርቲ ዮሪን፣ ብ31 ኣባላት ዝቖመ ኮይኑ፣ ብከንቲባ ከተማ ድማ ይምራሕ። ኩሎም ኣባላት ድማ ኣብ ነፍስወከፍ 4 ዓመት ይምረጹ።

እቶም ኣመሓደርቲ፣ ኩሉ ኣብ ዮሪን ኮምን ዘሎ ፖሎቲካዊ ምሕደራ፣ ሓላፍነት ይወስድሉ። ገለ ካብቶም ዓበይቲ ኣርእስትታት መዓልታዊ ኣብ ልዕሊ ተቀማጦ ብቀጥታ ጽልዋ ዘለዎም ከኣ እዞም ዝስዕቡ ክንጠቅስ ንኽእል፣-

- ንስራሕ ዘይብሎም ሰባት፣ ስራሕ ኣብ ምርካብ ዝግበር ሓገዛትን ንዝሓመሙ ሰባት እንታይ ዓይነት መስርሕ ከምዝኸተሉ ዝካየድ መስርሕ።
- ዳግመ ተሃድሶ ንሓሚሞም ዝነበሩን ሓገዛት ንዝተፈላለየ ስንክለና ዘለዎም ሰባትን።
- ንዓበይቲ ዝግበር ሓገዛት። ቁጠባዊ፣ ጥዕናዊ፣ ኩነታት መንበር ገዛ
- መውዓሊ ህጻናት፣ ቤት-ትምርቲን ናይ ትምርቲ ትካላትን ዝኽተልኦ ኣገባብ? ቆልዑ፣ እንታይን ብኸመይ ኣገባብ ይመሃሩ?
- ጽርግያ ኣበይ ክህነጽን ኣየናይ ጽርግያ ክሕደስን? ብኸመይ ብውሑስ መንገዲ ብብሽክሌታ ክንንቀሳኸስ ንኽእል?
- ብኸመይ ብባቡራትን ኣውቶቡሳትን ክንንቀሳቀስ ንኽእል?
- እንታይ ዓይነት ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት፣ ባህላዊ ጉዳያትን ናይ ስፖርት ንጥፈታትን ኣብ ዮሪን ኮምን ክህሉ ኣለዎ?
- ብኸመይ ምውህሃድ ክጥንክር ይኽእል (መጻእተኛታት ምስ ህዝቢ ዴንማርክ ክወሃሃድሉ ዝኽእል መንገዲ)?
- ብኸመይ ንኣከባቢ ምቹእ ዝኾነ ጸዓት፣ ማይን ጽሩይ ኣየርን ክነውሕስ ንኽእል?

ንስኻን እቶም ምሳኻ ኣብ ምርጫ ዝሳተፉ ሰባትን፣ ነዚ ልዒሉ ዝተጠቅሰን ካልእን፣ ምርኩስ ብምግባር ኣብቲ ዝግበር ኮሙናዊ ምርጫ ክትሳተፉ ይከኣል። ኩሉ ድማ ኣብ መዓልታዊ ሂወትካ ብቀጥታ ጽልዋ ስለዘለዎ፣ ኣብ ከባቢኻ ዝግበር ፖሎቲካዊ ዝርርብን ምርጫን ክትሳተፍ ብጣዕሚ ኣገዳሲ'ዩ።

**Integrationsrådet**
Hjørring Kommune

Springvandspladsen 5
9800 Hjørring
Telefon 7233 3333
integrationsraadet@hjoerring.dk
www.hjoerring.dk